# ኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ናብ ብረታዊ ቃልሲ



## 2ይ ክፋል

**መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ**

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ብ10 ሓምለ 1960፡ ምቛም ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ካይሮ ከምዝተኣወጀ ተገሊጹ ነይሩ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ታሕሳስ 1960 እድሪስ መሓመድ ኣድም ምስ ኢብራሂም ሱልጣን ሓገዝ ንምሕታት ካብ ካይሮ ተበጊሶም፡ ናይ መጀመርታ ዲፕሎማስያዊ ዑደት ናብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኣካየዱ። ካብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ግን ብዘይካ "ናብ ሕቡራት ሃገራት ኬድኩም ጥርዑ" ዝብል ማዕዳ ዝረኸብዎ ነገር ኣይነበረን። ደኺሞም ንካይሮ ተመልሱ። ኣብ ካልኣይ እግሪ እድሪስ በይኑ ናብ ስዑዲ ዝገበሮ ዑደት'ውን ብዘይካ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ተራኺቡ ብሓባር ክሰርሑ ምስምምዑ ካልእ ፋይዳ ኣይረኸበሉን። ብ20 ታሕሳስ 1960 እድሪስን ዑስማንን ናብ ሞቓድሾ ብምምራሕ
ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ዓብዱራሺድ ሻርማርከ ተራኸቡ። ሽዱሽተ ጠለባት ድማ ኣቕረቡሉ። ንሱ ድማ ኣብታ ሃገር ማሕበር ክቐሙ ስለዘፍቀደሎም፡ ኣብ ለካቲት 1961 "ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራ-ሶማል" ብወግዒ ተመስሪቱ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ነቲ ማሕበር ክካይዶ ጀመረ። ኣብ'ቲ ፈለማ፡ ዕላማ ናይ'ዚ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ማሕበር'ዚ፡ ጉዳይ ኤርትራ ንምፍላጥ ምስ ኤምባሲታት ምርኻብ፡ መጽሔታትን ካልእ ጽሑፋትን ምዝርጋሕ ከምኡ'ውን ዕድል ኣብ ዝተረኸበሉ ጎስጓሳት ምክያድ ነበረ። መንግስቲ ሶማል ብግደኡ፡ ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት ናይ ሶማል ዲፕሎማስያዊ ፓስፖርት ክሕዙ ኣፍቀደሎም። በዚ ዕድል'ዚ ተጠቒሙ፡ እድሪስ መሓመድ ኣድም ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ

ማለት ኩወየት፡ ባሕሬን፡ ሊባኖስን ሶርያን ዑደት ብምግባር ጉዳይ ኤርትራ ከረድእን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓገዝ ክሓትትን እኳ እንተፈተነ ዘዕግብ መልሲ ከይረኸበ ደኺሙ ተመልሰ። ንእግረ መገዱ ነቲ ካብ 1921 ክሳብ 1927 ኣንጻር ፈረንሳ ሰውራ ዘካየደ ሞሮካዊ ልኡል ዓብደልከሪም ኣልቻታዊ ረኸቦ።

ንሱ ድማ፡ ንእድሪስ መሓመድ ኣድም "ኣብ ኤርትራ ቃልሲ ጀሚርኩም ብውሑዱ ወተሃደራዊ ነቑጣታት ክሳብ ዘየጥቃዕኩም ካብ ሃገራት ዓረብ ሓገዝ ኣይትጸበ" ክብል መዓዶ። በዚ ድማ ኣብ በረኻታት ኤርትራ ብምውጻእ ሰውራ ክጅምር ዝኽእል ብቑዕ ሰብ ክረኽቡ ነይሩዎም።። ድሕሪ ብዙሕ ወረድ ደይብ ኣተኩሮኦም ኣብ ክልተ ሰባት ገበሩ - ሰይድና መሓመድ ሽኽ ዳውድን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን። በዚ መሰረት፡ ኣብ ከሰላ ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳን ብቐዳምነት ንሰይድና መሓመድ ክረኽቡ ብምውሳን፡ ምስ ሰይድና ኣብ ጥቓ ዶብ ሱዳን ዓሺር ኣብ እትበሃል ቦታ ቆጸራ ሓዙ። እንተኾነ ኣብ መዓልቲ ቆጸራ ዓሺር ምስ በጽሑ፡ ካብ ሰይድና፡ "ኣብ ተሰነይ ዘሎ ካፒታኖ ዓብደልቃድር ይከታተለና ስለዘሎ ኣብ ፈለሳብ እምበር ኣብ ዓሺር ኣይጸንሓኩምን'የ" ትብል መልእኽቲ ጸኒሓቶም። በዚ ድማ፡ ጉዕዞኦም ንፈለሳብ ቀጺሎም ንሰይድና ረኸብዎ። ሰይድና ዕላምኦም፡ ስሞም፡ ብዝሖም፡ እድሪስ መሓመድ ኣድም ምስኦም ምህላዉን ዘይምህላዉን ሓተቶም። ኩሉ ዘረባኦም ምስ ሰምዐ ከኣ ከምዚ በሎም፦ "ተበጊስና ካብ በልኩም፡ ኣነ ዘድሊ ክቐርብ'የ። ክልተ በትሪ ኣግማልን ሓደ በትሪ ከብትን (ሓንቲ በትሪ 100 ጥሪት ይውክል) ካባይ ተጸበዩ። ሓንቲ ኣቡ-ካምሳ (ጠበንጃ) ካባይ ድለዩ። እዘን ስለስተ በትሪ ሸይጥኩም ገንዘብ ይኹን ብረት ከምጽኣልኩም ይኽእላ እየን። ኣነ ኸኣ ኣብዚ ምሉእ ባርካ ተንቀሳቒሰ በታ ዝፈልጥዋ ቋንቋን ኣነ ዝደልያ ነገርን ንህዝቢ ክሕብር'የ። ንስኻትኩም ብደገ እንተ ዓየኹም ንሕና ብውሽጢ ክንዓዪ ኢና።" ድሕሪ ወርሒ ካልኣይ ቆጸራ፡ ኣብ ባካራብ ጥቓ ኬሩ፡ ኣድም ኣኑር ቲታን መሓመድ ኣድም ገሲርን ካብ ከሰላ መጺኦም ንሰይድና ምስ ረኸብዎ፡ ሰይድና ንቐጻሊ መልእኽቲ ንምልእኣኽ መስመር ከምዘድሊ ገሊጹ፡ ኣብ ፍሉያት ቦታታት ዝኣምኖም ሰባት ረቑሒ ሃቦም። መብጽዓ ዝኣተወሎም፡ ገንዘብን ኣቡ-ካምሳ ጠበንጃን ድማ ኣብ ዝጠዓመ ግዜ ክወስድዎ ከምዝኽእሉ ሓበሮም። ሰይድና ኣብ ኣቑርደት ንዝተኻየደ ምስጢራዊ ኣኼባ ኣብ ምውዳብ ዝለዓለ ተራ ዝተጻወተ'ዩ። እዚ ናይ ሚያዝያ 1961 ምስጢራዊ ኣኼባ፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝተረኽበሉ እዩ። ኣብቲ ኣኼባ ሽኽ መሓመድ ዳውድ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንሰውራ ክዳሎ ተወኪስዎ፡ ሓምድ ድማ ተሰማምዐ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ብወተሃደራዊ ብቕዓትን ሃገራዊ ስምዒትን ካብ ዝስመዩ ሰባት ሓደ፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ነበረ። ሓምድ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1940ታትን 1950ታትን ዝነበረ ናይ ሽፍትነትን ጸረ ሽፍትነትን ቃልሲ ኣብ ገርሰት ይቕመጥ ነበረ። ኣብ መጋቢት 1956 ሓምድ ከባቢኡ ክሕሉ ብረትን ምዱብ ደሞዝ ዘለዎ ናይ ሓለዋ

ሓይሊን ክወሃቦ ንዘቕረቦ ጠለብ ግን መንግስቲ መልሲ ኣይሃበሉን። ኣብቲ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ናብ ዝበኣሰ ዝኸደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ሓምድ ከም ካልኦት ሃገራውያን ክሻቐልን ናብቲ ሽዑ ዝነበረ ውዳበታት ክጽንበርን ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ።

በዚ ድማ፡ ተመሃሮ ካይሮን ኤርትራውያን ወተሃደራት ሱዳንን ብረታዊ ቃልሲ ክፍልሙ ኣብ ዝወሰንሉ፡ ሓምድ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከበግስ መተካእታ ዘይብሉ ኣማራጺ ኮይኑ ምቕራቡ ዘገርም ኣይነበረን። ኣብቲ ኣኼባ ድማ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ከምዚ በለ፦ “ንዞባታት ጋሽ፡ ሰቲት፡ ባርካ ክሳብ ሳሕልን ዓንሰባን ክሽፍኖ እኽእል'የ። ዝኾነ ኣፍልጦ ዘይብለይ ብዛዕባ ናይ ከበሳን ናይ ምብራቕን ቦታታት'ዩ። ስለዚ ነዚቦታታት'ዚ ዝፈልጡን ኣብኡ ክውድቡ ዝኽእሉ ሰባትን ከተናድዩ ኣለኩም።” ኣብቲ እዋን'ቲ ኢትዮጵያ ተግባራታ ንብዙሓት ሃገራውያን ከምዘቕሓረ ትርዳእ ብምንባራ፡ ንገለ ውልቀ ሰባት ድሌታቶም ኣማሊኣ ኣፎም ክትዓብስ ወይ ምኽንያት ፈጢራ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከተእትዎም ትጽዕር ነበረት። በዚ ድማ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት፡ ንሓምድ ብዛዕባ'ቲ ኣብ 1956 ኣቕሪቡዎ ዝነበረ ናይ ብረት ጠለብ ከዘራርቦ (ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ምኳኑ እዩ) መልእኽቲ ሰደደሉ። ኣመሓዳሪ ወረዳ ተሰነይ ድማ፡ ብ31 ሓምለ 1961 ንሓምድ ኣዛዚ ፖሊስ ከዛርቦ ይደሊ ከምዘሎ ገለጸሉ። ሓምድ ስለዘይኣምኖ ኣይተቐበሎን። ኣመሓዳሪ ተሰነይ ከኣ፡ ንኣመሓዳሪ ኣውራጃ ባርካ ዑመር ሓሰኖ ባዕሉ ንሓምድ ረኺቡ ከዘራርቦ ሓሳብ ኣቕረበሉ። ብ2 ነሓሰ 1961 ሓምድ ኣብ ገርሰት ምስ ዑመር ሓሰኖ ኣብ ዝተራኸበሉ ንጀነራል ተድላ ዑቕቢት ክረኽቦ ከምዘይደሊ ገለጸሉ። ዑመር ግን፡ ኣብ ኣቑርደት ን15 መስከረም 1961 ክራኸቦም ቆጸራ ሓዘ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ዑመር ኬራይን ዝምርሒ ሸፋቱ ናብ ሰለማዊ ናብራ ክመልሶም ንሓምድ ተደጋጋሚ ጸቕጢ ይገብርሉ ነይሮም እዮም። ሓምድ ብወገኑ፡ ንሱ ሰለማዊ ሰብ ምኳኑ፡ ንዝኾነ ሰብ ናብ ሽፍትነት ከውፍርን ካብ ሽፍትነት ክመልስን ክእለት ከምዘይብሉ'ኳ ይነግሮም እንተነበረ፡ ንሳቶም ግን ካብ ዝባኑ ምውራድ ኣበዩ። እቲ ብባህሪኡ ዘይተጸዓዲ ሓምድ ንጽቕጢታት መንግስቲ ዝጸውር ዓቕሊን ብውዲታቶም ዝታለል ልቦናን ኣይነበሮን። መንግስቲ ኣብ ልዕሊኡ ትገብሮ ዝነበረት ተጽዕኖ ሽፋቱ ዝዘመትወን ዝነበሩ ከብቲ ስለዘሻቐላ ዘይኮነ በቲ ሰውራ ንምጅማር ዝካየድ ዝነበረ ምስጢራዊ ርክባት ተጨኒቓ ምኳና ተረዲእዎ ነበረ። ሓምድ ዋላ እኳ ሰውራ ንምጅማር ቃል ይእቶ፡ ብረት ከይሓዘ ብጾት ዝኾንዎ ከይወደበ፡ ኩነታት ናይቶም ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ወተሃደራት ከየጣለለ ክወጽእ ሓሳብ ኣይነበሮን። ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር ዝነበረ ጸቕጥን ምፍርራሕን ከምኡ'ውን ሸሕጣን ኣመሓደርቲ ርእዩ ግን፡ ከይቀደምዎ ክቕድሞም እንተዘኮይኑ ብመቑሕ ክሕየር ምኳኑ ብሩህ ኮነሉ። ጸሓፊ ታሪኽ ህይወት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ሃይለስላሴ ወልዱ መጨረሽታ

መዓልታት ስቪላዊ ህይወት ሓምድ ከመይ ከምዝነበራ ከብርህ እንከሎ ከምዚ ይብል፦ “እቲ ኩነታት ሓንኪሩ፡ ምስ ሰበ- ስልጣን መንግስቲ ኣብ ምትህልላኽን ምድፍፋርን ምስ ተበጽሐ፡ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ሓምድ ህጹጽ ስጉምቲ ክትወስድ ወሰነት። ፈለማ ግን፡ መን ይፈልጥ ሓሳቡ እንተቐየረ ንኮን ዶኾን ናይ መወዳእታ ደብዳበ ይለኣኸሉ ተባሂሉ ዕሽግቲ ቡስጣ ከምዝተሰደድሉን ከምዝነጸጎምን ኪዳነ ህዳድ ይሕብር” ይብል’ሞ ጸሓፊ ሃይለስላሰ ወልዱ፡ ብ17 ነሓሰ 1961 ሓምድ ኣቡ-ዓሸራ ዓጢቑ ናብ ቃልሲ ከም ዝነቐለ ይገልጽ። ሓምድ ኣብ ጸሊም ክረምቲ፡ ካብ ገዝኡ ቆሪጹ ምስ ተላዕለ፡ ኣብ በረኻን ዓድን ዝጸንሑ ውሑዳት ፈለጥቱ እግሪ - እግሩ ስዒቦም ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምቅላስ ተጸንበሩዎ። ኢትዮጵያ እዚ ምስ ሰምዐት፡ ንሓምድ ክትሕዞ ወይ ክትቀትሎ፡ ወፍሪ ፈለመት። ሓምድን ፖሊስን ከልብን ሰስሓን ኮይኖም ኣብ ምሉእ ጋሽ ሰቲትን ባርካን ሸኾርተት በሉ። ሓምድ ዝኣተዋ ዓዲን ዝተሓብኣላ ጫካን ዝሕብሩ ሰለይቲ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዓዲ ተቘጽሩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ሓምድ ሻብዓይ ርእሱ ኣለቡ ሰጊሩ ባልቃይ ተራእየ። ሽዑ ሓደ ሰላዪ ኣውቶቡስ ተሰቒሉ ንተሰነይ ብምኻድ ንሜጀርገበረኺዳን ተስፋይ “ሎሚ ረኺብኩም ሰኣንኩም፡ ሓምድ ሻብዓይ ርእሱ ኣብባልቃይ ኮፍ ኢሉ ኣሎ” በሎ። ሜጀር ገብረኺዳን ብቕጽበት ወተሃደራቱ ኣበገሰ። እንተኾነ ዓርኪ ሓምድን ኣባል ፖሊስን ዝነበረ ኪዳነ ህዳድ ምስ መሓመድ ሱሌማን እኩድ ኮይኖም፡ መጀመርያ ንሓምድ ‘ኣብ ከበባ ኣቲኻ ኣለኻ’ ዝብል መልእኽቲ ሰደድሉ። ቀጺሎም መስመር ተሌፎን ተሰነይ ብምቑራጽ ነቶም ወተሃደራት ኣንፈቶም ናብ ሩባ ጋሽ ከምዝኸውን ብምግባር ንሓምድ ካብ ማእሰርቲ ወይ ሞሞት ኣድሓንዎ።

እዚ ፍጻመ’ዚ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ነሓሰ ነበረ። ብ1 መስከረም 1961 ድማ፡ ሓምድ ምስ ገለ ብጾቱ ናብ ወገን ላዕላይ ጋሽ ገጹ እናተጓዕዙ፡ ምስ በዓል ዓዋተ መሓመድ ፋይድ ኣብ ሃደምደሚ ተራኸበ። ካብ ሓደ ድኳን ስንቂ ዝኾኖም ኣስቤዛ ድሕሪ ምግዛእ ከኣ፡ ጠያይት ንሰማይ ብምትኳስ ሰውራ ከምዝጀመረ ኣወጁ። ሓምድ ዋላ’ኳ ኣብ ክፍላ ነሓሰ 1961 ካብ ገዝኡ እንተወጸ፡ ቀዳመይቲ ምስ ሓይሊ ፖሊስ ኣብ ጎቦ ኣዳል ዝገጠመላ መዓልቲ 26 መስከረም 1961እያ። ሓደ መስከረም እምበኣር፡ ሓምድ ኣብ ሃደምደሚ ሰውራ ከምዝጀመረ ዘበስር ጥያይት ዝተኮሰሉ ድኣምበር ውግእ ኣዳል ዝተኻየደላ ዕለት ኣይኮነትን። ቅድሚ ክረምቲ 1961 ሰውራ ንምጅማር ዝተገብሩ ክልተ ዘይተዓወቱ ፈተነታትነይሮም እዮም። ባዕሉ ሓምድ ኣብ 1956-57 ናብቲ ሽዑ ኣብ ኣቑርደት ዝነበረ፡ ኣቦ-መንበር ባይቶ ኤርትራ ነበር፡ እድሪስ መሓመድ ኣድም ብምኻድ፡ ብረት ሒዙ በረኻ ክወጽእን ኣንጻር ኢትዮጵያ ክቃለስን መደብ ከምዘለዎ ሓበሩዎ ነይሩ። እንተኾነ እድሪስ “ብግስ ከይበልካ ከጥፍኡኻ እዮም” ስለዝበሎ ከምዝተመልሰ ጸሓፊ ታሪኽ ኤርትራ (1941- 1962) ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ የዘንቱ። ብዘይካ’ዚ ኣብ መጀመርታ 1960 ኣርባዕተ መንእሰያት ኣደም ግንድፍል፡

መሓመድ እድሪስ ከልባይ፡ ሓምድ ኢብራሂም ጠምባር፡ ከምኡ’ውን ዓብደላ ዲጎልን ናብ ሓምድ ንገርሰት ከይዶም ሰውራ ዘበጋግስ እንተመሲሉ ምስኡ ክወጹ፡ እንተዘይኮነ ጠበናጁ ክህቦም ሓቲቶሞ ነበሩ። ሓምድ ግን “መን’ዩ ሰውራ ክወጽእ’ዩ” ዝበልኩም ክብል ተመሊሱ ብሕቶ ኣዋጠሮም። ብሓደ ክልተ ብረት ሰውራ ከም ዘይጅመር ኣረዲኡ ከኣ፡ “ክኣምነኩም ዝኽእል፡ ካብ መንግስቲ ብረት ሰሊብኩም ወይ ሰበ-ስልጣን ኣቑሲልኩም ምስ ትመጹ ጥራሕ እዩ” ብምባል “ንሕጂ ግን ኣይረኣኽኹም ኣይረኣኹምኒ” ኢሉ ኣፋነዎም። ነሓሰ 1961 ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ሓንቲ ኣቡ-ዓሸራ ዓጢቑ ካብ ገርሰት ምስ ነቐለ፡ ዓብዱ መሓመድ ፋይድ (ወዲ ኣሞኡ) ከምኡ’ውን ኣቡ-ኻምሳ ዝዓጠቑ ሸንግራይ ዓማርን ሳልሕ ቅሩጫይን፡ ኣቡ-ስታ ዝዓጠቐ ሁመድ ዶሔንን ስዓብዎ። ንሳቶም ሓንቲ ስብርቲ ጠበንጃ ማኒከርን ኣቡ-ርሔንን (ግንጽል) ናይ ሓምድ ዝነበራ እውን ተማልኡ። ኣብ ሃደምደሚ ዘርከቡ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ሳልሕ ሓጅ፡ ዓዋተ መሓመድ ፋይድን ድማ ተወሰኹዎም። መንግስቲ ንሓምድን ብጾቱን ሒዙ ክኣስሮም፡ እንተዘይኮነ ወረኦም ከይተዘርገሐ ክቐትሎም እናተጓየየ ከሎ ከኣ፡ ኣብ ኣዳል ተጓነፉ። እተን ሓምድ ዝገበረን ግጥማት ኩለን ኣብታ ሃይለስላሴ ዝጸሓፉ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወቱ ስለዝርከባ፡ ንዘይሕለል ጻዕሪ ደራሲ እናኣመስገናን ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ዝቐርብ ምሉእ ሓበሬታ ኣብታ መጽሓፍ ተሞርኩሱ ዝትርኽ ክኸውን እዩ።